# መጻኢኡ ንኽመርጽ ንወላድና ንሓግዞ

## •ቤት ትምህርቲ

**•ኣብ ምሉእ ዓመት ትምህርቲ ሳይክል ኦረንታስዮን፡ (cycle d'orientation -CO) ቤት ትምህርቲ ንተማሃሮ ናይ ሞያዊ ዓለም ኣፍልጦ ንክህልዎም ሓደ ዓይነት ትምህርቲ የዳሉ። እዚ ከኣ ኣፍልጦ ንኽዕብዩን ኣብቲ ዝገብርዎ ምርጫ ንክስጉሙ ይሕግዞም።**

## ወለዲ

**ወለዲ ንወለዶም ኣብ ዝገብሮ ምርጫ ዓቢ ጽልዋ ይገብሩ ። ኣብቲ ዝገብርዎ ዘተፈላለየ ስጉምቲታት ፡ ብሓሳብ ደገፍ ምግባር ከምኡውን ተሞኩሮና ምክፋል ይግባኣና።**

## ሓበሬታ ብዛዕባ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርትን ሌላ ሞያታትን

**ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሲክል ኦርየናሺዮን ኣማኸርቲ ክኢላታት ኣእምሮን ኣማኸርቲ ናይ ሌላ ሞያታትን ብቐጥታ ምስ መምህራን ብምትሕብባር ይሰርሑ። ንዝኾነ ካብ ተማሃሮ ዝለዓል ሕቶታት ከኣ ይምልሱ፡ ኣብ መወዳእታ ቀዳማይ ሰሚስተር ናይ 10 ሲክል ፡ ወለድን ተማሃሮን ምኽሪን ሓበሬታን ንምርካብ ነዞም ኪኢላታት ክውከሱ ይክእሉ።**

### 9CO

**ቤት ትምህርቲ**

- ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝዳሎ ማዓልቲ ሓበሬታ (Journée des métiers) ( ማዓልቲ ሞያ) ወይውን ሌላ ምስ ዝተፈላለዩ ሞያታት ንምግባር ዝግበር ምብጻሕ (Your Challenge)
- ሓበሬታዊ መደብት ንወለዲ

**ወለዲ**

- ነዚ መዝገብ መሊእና « Le choix professionnel en tant que projet familial » ምስ ውላድና ከኣ ንመያየጥ።
- ነዚ ዝስዕብ መርበብ ኢንተርነት ንተዓዘቦ ፡ www.orientation.ch
- ነዚ መርበብ ሓበሬታ ናይ ካንቶን ንወከሶ፡ www.vs.ch/orientation

**ሓበሬታ ብዛዕባ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርትን ሌላ ሞያታትን**

- ኣብ ናይ ሓበሬታ ምሽት ቤት ጽሕፈት ሌላ ምያታት ብዛዕባ ዝህብዎ ኣገልግሎት መግለጺ ይህቡ።

### 10CO

**ቤት ትምህርቲ**

- ንሞያዊ ምርጫ ዝምልከት ሕቶታት
- ምስ ወለዲ ዝግበር ገምጋም ብዛዕባ ሌላ ሞያታት
- Passeport Info: ሓበሬታዊ ፓስፖርት ፡ ብዛዕባ ዝተገብረ ኣኼባታት ሓሳብ ምልውዋጥ
- ብዛዕባ ዝግበር ስታጅ(ኮርስ ወይ ልምምድ) ሓሳብ ምቕራብ
- ካሪክለም ቪተን( ብዛዕባ ትምህርቲን ስራሕን ዝገልጽ) ፡ ደብዳቤታት ምድላው

**ወለዲ**

- ወለዲ ንወላድና ዝተፈላለዩ ስታጅ ንኽገብር ነተባብዖ ብተወሰኺውን ኣብ መደብት Passeport info ( ነፍሲ ወከፍ ሮቡዕ ድሕሪ ቀትሪ ብክኢላታት ዝቐርብ ሌላ ምስ ዝተፈላለዩ ሞያታት ምስታፍ፡ www.vs.ch/pi
- ትካላት ማዕጾኣን ኣብ ዝኸፍታሉ ግዜ ፡ ኣብ ሳሎን ሞያን ፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝግበር ምብጻሓት ምስታፍ www.vs.ch/orientation
- ኣድላይ ምስ ዝኸውን ንሓላፊ ክፍሊ ምውካስ

**ሓበሬታ ብዛዕባ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርትን ሌላ ሞያታትን**

- ኣብ ክፍሊ ዝቀርብ ኣብቲ ዝወሃብና መምርሒ ዘሎ ረብሓታት
- ብጠለብ ናይ ክኢላ ምስ ተማሃራይ ኣኼባ ክካይድ ይኽእል፡ ኣድላይ እንተኾይኑውን ምስ ወለዲ ርክብ ይገብር።
- ፍሉይ ሓገዝ ዘድልዮም ተማሃሮ ምልላይን ክትትል ምግባርን

### 11CO

**ቤት ትምህርቲ**

- ፕሮጀክት ከመይ ይስጉም ከም ዘሎ ምክትታል
- ነቲ ኣዳሊናዮ ዘለና ዶኩመንት ምምሕያሻት ምግባርን ንቓለ-መሕተት ምድላዋት ምግባር
- ኣገደስቲ ሓበሬታ ብዛዕባ መእተዊ መርመራ ዝካየደሉ ዕለት

**ወለዲ**

- ውላድኩም ቦታ ናይ ኣፕኽንቲሳጅ( ቦታ ናይ ልምምድ) ንምርካብ ፡ ቀልጢፉ ክደልይን ከምኡውን ንንፈልጦም ሰባትውን ምውካስን ኣገዳሲ ኢዩ። www.orientation.ch
- ናይ ምዝገባ ዕለትን ከነማልኦ ዘለና ነጥብታትን ምኽባር: www.orientation.ch - www.vs.ch/orientation
- ኣድላዩ ምስ ዝኸውን ምስ ኣማኻሪ ቤት ትምህርቲ ኣብ ሌላ ሞያታት ክንራኸብ ንኽእል።

**ሓበሬታ ብዛዕባ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርትን ሌላ ሞያታትን**

- ብጠለብ ናይ ክኢላ ምስ ተማሃራይ ኣኼባ ክካይድ ይኽእል፡ ኣድላይ እንተኾይኑውን ምስ ወለዲ ርክብ ይገብር።
- ፍሉይ ፕሮግራም Orientation+ ምያ ንኽመርጹ ዘሸግሮም ተማሃሮ

www.orientation.ch




- ✓ ሓበሬታ ብዝተፈላለየ ቋንቋ ወጸእተኛታት
  www.orientation.ch/migration
- ✓ ስርዓት ትምህርቲ ስዊዝ
- ✓ መግለጺ ብዛዕባ ልዕሊ 600 ዝኾኑ ምያታት
- ✓ ምያዊ ትምህርቲ ነካይደሉ ንኽእል ነጻ ቦታታት
- ✓ ሓበሬታ ዓውዲታት ትምህርቲ

www.vs.ch/orientation




- ✓ መርበብ ኢንተርነት ተዛረብቲ ቋንቋ ወጸእተኛታት
  www.vs.ch/web/osp/migrants
- ✓ Passeport Info
- ✓ ስታጅ ወይ ልምምድ
- ✓ ክፉት ማዕጾ ንመዓልቲ ሓበሬታ
- ✓ መመዝገቢ ዕለት መእተዊ ፈተና
- ✓ ብዛዕባ ሌላ ሞያታት ዝተሓትሙ ጽሑፋት
- ✓ ንተማሃሮ ከሰልጥና ፍቓድ ዘለወን ትካላት

O S P

Office d'orientation
scolaire et professionnelle

août 2018

# ወለዲ



## መጻኢ ውላድና ንኽጽብቕ
## ኣብ ዝገብሮ ምርጫ ንሓግዞ

ውላድኩም ኣብ ሲክል ኦርየንታስዮን ይመሃር ኣሎ። እዚ ከኣ ብዛዕባ መጻኢ ሂወቱ ማለት ምስ ዓቕሙን ድሌቱን ዝኸይድ ትምህርቲ ወይ ሓደ ሞያ ንኽቕስም ክሓስበሉ ዝጅምረሉ ግዜ ኢዩ።

ኣብዚ መስርሕ ተራ ወለዲ ኣገዳሲ ኢዩ።
ወለዲ እምበኣር ፈላሚ ሓሳብ ብዛዕባ ናይ ስራሕ ዓለም ከመይ ምኳኑ ምስ ውላድኩም ክትመያየጡን
ንመደባት ውላድኩም ከኣ ደገፍ ክትገብሩን ይግባእ።

CANTON DU VALAIS
KANTON WALLIS